21/07/2000 ዓ.ም

# ደምዳሚ ኣዋጅ መስራቲ ጉባኤ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን

መስራቲ ጉባኤ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ንሉኣላዊነት ካብ መጋቢት 20-21/2000 ዓ/ም ኣብ ከተማ መቐለ ኣዳራሽ ሚላኖ ሆቴል ተካይዱ በዓወት ተዛዚሙ ኣሎ'

እቲ ጉባኤ ኣብዚ ናይ 2 መዓልቲ ውዕልኡ

1. ፕሮግራም ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን
2. ህገ ደንቢ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን
3. ኩነታት ዓለምን ከባቢናን ብሓፂሩ
4. ኩነታት ሃገርና ከባቢናን ብሓፂሩ
5. እስትራተጂን ስልትን ቃልስና
6. መረፃ ማ/ኮሚቴን ቁፅፅር ኮምሽንን ኣብ ዝብሉ አጀንዳታት ሓደ ብሓደ እናልዐለ ተዛትዩ ነብሲ ወከፎም መዕለቢን ውሳነን ኣዕሪፉሎም እዩ' በዙይ መሰረት

ሀ. ብኮምሽን መረፃ ሃገርና ተቀባልነት ረኺቡ ዝፀደቀ ፕሮግራም ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ምስ ምዕባለን ለውጥን ሃገርና ክልልናን ተኣሳሲሩ ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝተረኸበሉ ግዜ ምምሕያሽ ክግበረሉ ከም ዝኽእል ርዱእ ኮይኑ ክሳብ እዚ ግድነታዊ ኩነታት ዝፍጠር ግን እቲ ህጋዊ አፍልጦ ዝረኸበ ፕሮግራም ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ኩነታት ሃገርና ክልልናን ብትክክል ዘንፀባርቕ ንዲሞክራሲን ልምዓትን ፍትሕን ጠጠው ክብል ንዝወሰነ ኩሉ ከተኣኻኽብ ዝኽእል ዲሞክራሲያዊ ፕሮግራም ምዃኑ ብምርግጋፅ እቲ ጉባኤተኛ ብሙሉእ ድምፂ ተቐቢልዎ'

ለ. ህገ ደንቢ ዓረና ትግራይ ንሉኣላዊነትን ዲሞክራሲን ውሽጣዊ ኩነታት እቲ ውድብ ዲሞክራሲያዊን ህጋዊን ኮይኑ ክኸድ ዘኽእል፣ መሰልን ግቡእን ኣባላቱን አፈፃፀምኡን ብግልፂ ዘቐመጠ ምኽኒ ብምይይጥ ድሕሪ ምርግጋፅ ጉባኤተኛ ኹሉ ከምመርሒኡ ተቐቢልዎ እዩ'

ሐ. ጉዳይ ዓለማዊን ከባቢያዊን ኩነታት ብሓፂሩ ድሕሪ ምፍታሽ ድማ እቲ ጉባኤተኛ ኣብ ዓለምን ከባቢናን ዘሎ ብፍላይ ፖለቲካዊ ኩነታት ንምንቅስቃስ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ብኣወንታን ብኣሉታን ክፀልዉ ዝኽእሉ ተረእዮታት ከምዘለው ስለዝኾነውን ውድብ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ነዚ ብኣወንታን ብኣሉታን ክፀልው ዝኽእል ተረእዮታት ብትኽክል ብምንባብን ብምትንታንን በቲ ኣወንታዊ ኩነታት ተጠቂሙ በቲ ኣሉታዊ ተረእዮታት ድማ ከይተሓሰየ ዝወፀሉ ኣንፈታት ሓንፂፁ ክንቃሳቀስ ከምዘለዎ ተረዳዲኡ'

መ. ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ኩነታት ሃገርና ክልልናንውን ሓደ መዛተይ ነጥቢ ከም ምኻኑ ኣብቲ ጉባኤ ዘተ ተገይርሉ እዩ' ጉባኤተኛ ኩነታት ሃገርና ብብዙሕ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ሽግራት ዝተሓላለኸ ምኻኑ ሪኡ እዩ' እዚም ሽግራት ዝተሓላለኹ ከም ምኸኖም መጠን ንምፍተሖም ዝሕግዙ ብሱላት ናይ አፈታትሓ ኣንፈታት ምህንፃፅ ከም ዘድሊ፣ እቲ ኣብዚ ጉባኤ ዝምረፅ ማ/ኮሚቴ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን እዞም ኣንፈታት ኣብ ምሕንፃፅን እቲ ውዳበ በኦኦም ተመሪሑ ክኸድ ክገብርን ሓላፍነት ተዋሂብዎ'

ሰ. መረፃ ማ/ኮሚቴን መረፃ ቁፅፅር ኮምሽንን ዲሞክራሲያዊን ህጋዊን ክኸውን ምእንታ ሰፊሕ ዘተ ተገይሩሉ እዩ' ድሕሪ ሰፊሕ ዘተ ድማ ብህገ ደንቢ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን መሰረት መምረፂት ኮሚቴ ብህጋዊን ዲሞክራሲዊን መንገዲ ተመሪፃ ክትቆም ብምግባር፣ ክሳብ ቀፃሊ ጉባኤ ዘገልግሉ ማ/ኮሚቴ ፣ ቁፅፅር ኮምሽንን አቦወንበርን ምክትል አቦወንበር በህገ ደንቢ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ብዝፈቅዶ መሰረት ክምረፅ ተገይሩሉ'

ጉባኤ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ኣብዞም ልዕል ኢሎም ዝተመልከቱ አጀንዳታት እናተዛተየ መዕለቢ ምስገበረ ድማ እዚም ዝስዑቡ ውሳነታትን መፀዋዕታን ብምሕላፍ ጉባኤኡ ዛዚሙ ኣሎ’

1. ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ኣብ ቀፃሊ ናይ ቃልሲ ጉዕዝኡ፣ ኣባላቱ ከስፍሕ ፣ ውዳበታት ከጣናኽር ከምዘለዎ ብምርዳእ ህላዊኡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ትግራይን ኢትዮጵያን ከረጋግፅ ዝከኣሎ ኹሉ ርብርብ ክገብር ከም ዘለዎ ወሲኑ’

2. ኣብ ክልልናን ሃገርናን ካብ እዋን ናብ እዋን እናተመሓየሸ እንተይኮነስ እናተጋደደ ዝኸድ ዘሎ ተርእዮ ፀገም ዲሞክራሲን ፍትሒን፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ስራሕ አልቦነት፣ ግዕዝይናን ድኽነትን ወዘተ ብምግንዛብ ናይዞም ሽግራት ዕሙቀትን ስፍሓትን ብትክክል መዚኑ ትክክለኛ ኣንፈታት ኣነፂሩ እቶም ኣንፈታት ህዝቢ ክፈልጦምን ክቅበሎምን ክቃለሰሎምን ክግበር ከም ዝግባእ ወሲኑ’

3. ኣብ ህገ መንግስቲ ሃገርና ሰፊሩ ዘሎ ምኽባር መሰል ብሄር ብሄረሰባት ውድብ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ብፅንዓት ዝኣምነሉን ዝቕበሎን ምዃኑ ዳግም እንተረጋግፅ ዋና ርብርብ ሽዓ ዲሞክራሲዊ ማዕርነታዊን ሓድነትን ህዝብታት ኢትዮጵያ ክጠናኸር ምግባር ከምዘሸውን ዳግም አረጋጊፁ’

4. ኣብ ክልልና ዘለዉ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚያዊ ማሕበራዊ ወዘተ ሽግራት ብሃገር ደረጃ ዝረኣዩ ሽግራትውን ስለዝኾኑ ሃገራዊ መፍቲሒ ዝሓቱ እዮም’ ሃገራዊ መፍትሒ ክረክቡ ዝኽእሉ ድማ ናይ ኩሉ ብሄር ብሄርሰባትን ህዝብታትን ድልየትን ጥቅሚን ዝውክል ቅኑዕ ዲሞክራሲያዊን ሃገራዊን ውዳበ እንትህሉ ምዃኑ ጉባኤተኛ ዓረና

ትግራይ ንዲሞክራሲን ይኣምን’ በዙይ መሰረት ውደብ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ለኣላዊነትን እዚ ዝተጠቀሰ ሃገራዊ ውዳበ ብኢትዮጵያ ደረጃ ንክፍጠር ክብ ዝበለ ተራ ክፃወት ከምዘለዎ ወሲኑ’

5. ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ለኣላዊነትን ኣብ ኢትዮጵያ ብክልልን ሃገርን ደረጃ ተወዲቦም ምስ ዝቃለሱ ዘለው ኩሎም ውደባት ኣብ ንሃገር ረብሓ ዘምፅኡ ዘስማዕምዑ ጉዳያት ብሓባር ክሰርሕ ከምዝግባእ፣ ኣፈላላያት እናፅበቡ ንሃገር ኣገዳስቲ ኣብ ዝበሃሉ ጉዳያት ብሓባር ጠጠው ክብሉን ክሰርሑን ዝገብር ኩነታት ንኽፍጠር ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ለኣላዊነትን ኣድላይ ፃዕሪ ንኽገብር ምርድዳእ ተገይሩ’

6. ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ለኣላዊነትን ፖለቲካዊ ስልጣን ሒዙ ምስ ዘሎ ውዳበ ዝገበሮ ቃልሲ ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ሃገርና ንምዕባይ ኣብ ዝሕግዝ፣ ህዝቢ ትክክለኛን ዘይትኽክለኛን ሓሳባት ንምምማይ ዘኽእሎ፣ ኣብ መማረፂ ሓሳባትን ዕላማታትን ምቅራብ ዝተመሰረተ ክትዓትን ክርክርራትን ክምስረት ከምዘለዎ ገዛኢ ፓርቲ ዝኽተሎ ዘሎ ኣብ ምዕላም ዝተመሰረተ ኣንፈት ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ሃገርና ከይዓቢ ንድሕሪት ዝጉተት ድሑር ኣካይዳ ዝኾነ ክኹነን ከምዝግባእ ደምዲሙ’

7. ጉባኤ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ለኣላዊነትን እስትራተጂን ስልትን ከምኣምር እንታይ ማለት ምኻኑ፣ እንኽተሎ እስትራተጂን ስልትን እንታይ እዮም ኣብ ዝብል ምምይይጥ ድሕሪ ምግባርን ዓንዲ ዝኾኑ እስትራተጂን ስልትን ድሕሪ ምንፃር እቲ ዝምረፅ ማ/ኮሚቴ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ለኣላዊነትን ቀፃሊ ፅንዓትን ዝርርብን ብምክያድ ናይ ጉዕዞና ነዊሕን ሓፂርን ኣንፈታት ዘርኢ ዝዓሞቐን ዝሰፍሕ እስትራተጂን ስልትን ሓንፂፁ መስሪሒኡ ክገብር ከምዘለዎ ሓላፍነት ሂቡ’

8. በዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ዘለናሉ መዋእል ዘበነ ግሎባላይዘሽን ከምምኻኑ መጠን ሓንቲ ሃገር ካብ ዓለም ሃገራት ተነጺላ ትነብረሉን ትዓብየሉን ኩነታት ከምዘየለ ድሕሪ ምፍታሽ ቅቡል ገይሩ፣ ኣብ ክሊዚ ምትእስሳር ኮይንካ ሃገራዊ ሉኣላዊነትን ጥቅምታትን ንምርግጋፅ ክኸየድ ዝግባኦ ርሕቀት ከምዘሎን፣ ውዳበ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን ጥቅምታትን ንምርግጋፅ ዘኽእል ትክክለኛ ኣንፈታት ሓንፂፁ ከም ዝቃለስ ኣረጋጊፁ’

9. ጉዳይ ኢትዮ ኤርትራ ሕዚውን መፅለቢ ዘይረኸበ ጉዳይ ከም ዝኾነ’ እዚ ዘይተረጋገአ ኩነታት ንክልቲኡ ሃገርን ናይ ክልቲኡ ሃገራት ህዝብን ጥቅሚ ዝጎድእ ምኳኑ ድሕሪ ምርኣይ እቲ ጉዳይ ሕዚውን ከምብ ሓዱሽ ምርኣይ ከምዘድልዮ’ ሕዚውን ናይ ክልቲኡ ዓድታት ዘላቒን ህጋዊን ጥቕሚ ዘረጋገፅ፣ ንክልቲኡ ህዝብታት ዘላቒ ሰላም ዘምፅእ፣ ፍታሕ ምሕንፃፅ ከም ዝደሊን እዚ ፍታሕ እዙይ ብሰላማዊን ዲሞክራሲያዊን መንገዲ ክአለሽ ከምዘለዎን አቀሚጡ’

ጉባኤ ዓረና ትግራይ ንዲሞክራሲን ሉኣላዊነትን

1. ህዝቢ ትግራይ ፕሮግራምናን ዓላማናን ብፅሞና መርሚሩን ተረዲኡን መመዘኒኡ ፕሮግራምና ህገ ደንብናን በቢግዚኡ እንህቦ መግለፅታትን ተግባርናን ጥራሕ ብምግባር ክምዝነና፣ ካብዙይ ተበጊሱ ድማ ውዳበና ብኹሉ መዳይ ጠንኪሩ ዓቕሚ ዘለዎ መማረፂ ሓይሊ ኮይኑ ንክወፅእ አድላይ ዝባሃል ሓገዝ ንክገብገልና ንፅውዕ’

2. ህዝብና ይገጥሞ ዘሎ ናይ ዲሞክራሲን ፍትሒን ስእነት ግዕዝይና ዝዓብለሎ ምምሕዳር ናይ ናብራ ክፈእን ስራሕ አልቦነትን ዝውገደሉ ኩነታት ክፍጠር ዝኽእል ህዝቢ ፀገማቱ ንምቅላስ ብዘይ ፍርሒ

ብሓድነት ንመሰሉ ጠጠው እንትብል እንተሎ ብሓባር ብሓደ ድምፂ እንትቃለስ እንተሎ ስለ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይውን ሓባራዊ ፀገማቱ ንምፍታሕ ብሓባርን ሓድነትን ጠጠው ክብል ከምዘለዎ መፀዋዕታና ነሕልፍ’

3. ኣብ ስልጣን ዘሎ ፓርቲ ኣንፃር ዓረና ዝኸተሎ ጉጉይ ናይ ፕሮፓጋንዳ ኣንፈት ጠጠው ንኽብል’ ናይ ፓለቲካ ተቃወምቲ ንምውቃዕ ብናይ ሃገርን ህዝብን ገንዘብ ዝተመሰረተ መራኸቢ ማዕኸናት ብሒቱ ምጥቃም ጠጠው ክብል’ ገዛኢ ፓርቲ ዝኸተሎ ናይ ፕሮፓጋንዳ ስራሕቲ ህዝቢ መማረፂ ሓሳባት ቀሪቦመሉ ኣብ ሓሳባት ዝተመሰረተ ምርጫ ንምግባር ዘኽእሎ ኣንፈት ክኸተል፣ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ዓረናን ካልኦት ተቃወምቲ ውድባትን ዝገብሮ ዘሎ ምፍርራሕን ስነኣእምሯዊ ፀቕጥን ጠጠው ንኽብል ህዝብና ዝካኣሎ ፀቕጢ ንክገብር ንፅውዕ’

4. ምሁራት ሃገርናን ክልልናን ኣብ ቁልፊ ጉዳያት ሃገርና ትክክለኛን ብሱልን ሞያ መሰረት ዝገበረ ፅንዓትን ምርምርን ብምግባር ንምርግጋፅ ዴሞክራሲ ሉኣላዊነትን ዘላቒ ረብሓ ሃገርና ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ሙሉእ ተሳትፎ ንክገብሩ ኣብ ናይ ሃገሮምን ክልሎምን ጉዳይ ኩለመዳያዊ ተሳትፎኦም ንከዕብይዎ መፀዋዕታና ነሕልፍ’

5. መናእሰይ ሃገርናን ክልልናን ዝገጥሞም ዘሎ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ወዘተ ሽግራት ዝፍተሐሉ ኩነታት ክፍጠር ዝኽእል ህዝቢ ኮላይ መናእሰይ ብነፃነትን ዲሞክራሲን ኣብ ኩሉ ጉዳያት ሃገሩ ወሳኒ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ጥራሕ እዩ’ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ሽግራት መናእሰይ ንበይኖም ተነፂሎም ትክክለኛ ፍታሕ ክረክቡ ኣይኽእሉን’ ስለዝኾነ ድማ ኩሉ መንእሰይ ኣብ ጎኒ ህዝቡ ተሰሊፉ ህገ መንግስቲ

ዝሃቦ መሰል ተጠቂሙ ንሓቀኛ ህዝቢ ወሳኒ ዝኾነሉ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንክህሉ ተርኡ ክፃወት ንፅውዕ’

ዓረና ትግራይ ንዴሞክራሲን ሉኣላዊነትን